**መእተዊ**
ናይ ከተማ ሲያትል ናይ 2023/2024 ምሕዳስ ሜዳልያ ወቕቲ ኣብ ሚያዝያ 1፣ 2023 ጀሚሩ ኣብ ሰነ 30፣ 2023 ክውድእ እዩ። ካብ ሓምለ 15፣ 2023 ጀሚሩ ብምድንጓይ ምኽንያት መቕጻዕቲ ገንዘብ ምውሳን ቅድሚ ምጅማርና ናይ ክልተ ሳምንታት ካብ መቕጻዕቲ ነጻ ዝኾነ ናይ እፎይታ ጊዜ ክህሉ እዩ። ኣቐዲምም ኣብ ዝነበሩ ዓመታት ይግበር ከም ዝነበረ፣ ምሕዳስ ሜዳልያ ዝምልከት ሓበሬታ ማሕበራትን ኩባንያታትን ብሰፊሑ ክዝርግሓ ንሓትት ኣለና።

**ናትካ ናይ ሲያትል ንግዲ ፍቓድ ግብሪ ምስክር ወረቐት (ሲያትል ቢዝነስ ላይሰንስ ታክስ ሰርተፊኬት) ኣረጋግጽ (ወይ ኣውጽእ)**
ምሕዳስ ሜዳልያ ቅድሚ ምጅማር፣ ኣመልከትቲ ናብ ናይታ **ከተማ ንግዲ ፍቓድ ግብሪ ምስክር ወረቐት መርበብ ሓበሬታ** (**ቢዝነስ ላይሰንስ ታክስ ሰርተፊኬት ዌብፔጅ**) ብምኻድ ንግዲ ፍቓድ ክረኽቡ ወይ ከሐድሱ ወይ ምስ ግብሪ ዝተተሓሓዙ ቅጥዒታት ፋይል ክገብሩ ኣጥቢቕና ንላቦ። ነዚ ስጉምቲ እዚ ምውዳእ ንመስርሕ ምሕዳስ ሜዳልያ ኣዝዩ ቀሊል ኣብ ምግባር ክሕግዝ እዩ።

**ሜዳልያኻ ኣሐድስ**

| | |
|---|---|
| ብኦንላይን ኣሐድስ | • ዘይብልካ እንድሕር ኮይኑ ናይ **ሲያትል ኣገልግሎታት ፖርታል (ሲያትል ሰርቪስስ ፖርታል)** ሕሳብ (ኣካውንት) ክፈት።<br>• ናይቲ ፖርታል ባዕልኻ-ኣገልግሎት መውሃቢ (ሰልፍ-ሰርቪስ) ኣማራጺ ተጠቒምኻ መስርሕ ምሕዳስ ወድኣዮ።<br>• ክረዲት ካርድ ተጠቒምካ ብኦንላይን ክፈል- ቴሌፎን ምድዋል ወይ ናብ ቤት ጽሕፈት ምምጻእ ኣየድልን! |
| ብ-ኢመይል ሓገዝ ክግበረልካ ሕተት | • ስእሊ ናይ ምዝገባ ተሽከርካሪትካ (ቨሂክል ረጂስትሬሽን) ናብ taxicab@seattle.gov ስደድ።<br>• ምስታ ሜዳልያ ዝተተሓሓዘት ተሽከርካሪት ኣብ ውሽጢ እዘን ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ **መምሕዳር ከተማ ፍቓድ ብዝሃቦ መካኒክ** ብዝተገብረ ናይ ደሕንነት ምርመራ (ሴፍቲ ኢንስፔክሽን) ከም ዝሓለፈት ኣረጋግጽ።<br>• ደላላይ መድሕንኻ (ኢንሹራንስ ብሮከር) ንጡፍ መድሕን ፖሊሲ/መጠርነፊ (ኢንሹራንስ ፖሊሲ/ባይንደር) ናትካ ናብ vehicleinsurance@seattle.gov ከም ዝሰደደ ኣረጋግጽ። |
| ኣብ ዓውደ መጽናዕቲ ተሳተፍ | • ካብ መፋርቕ-ግንቦት ጀሚሩ ወከልቲ ከተማ ንወነንቲ ሜዳልያ ብኦንላይን ኣብ ምሕዳስ ንምሕጋዝ ዓውደ መጽናዕትታት ክካይዱ እዮም። **ናይ ዓውደ መጽናዕቲ ክፍቲ ቦታታት ብቐጻሪ ጥራይ እዮም ዝምልኡ።**<br>• ንትመርጽዎ ቦታን ዕለትን ቆጸራታት ብኦንላይን ክግበር ይካኣል። ዝርዝር ሓበሬታ ቆጸራ ዝሓዘ መረጋገጺ ኢመይል ኽመጸኩም እዩ። |

**ካሎኦት ኣብ ግምት ክኣትዉ ዝግበኦም ኣገደስቲ ነገራት**
**ዳግም ዝተሃንጹ ሊብሬቶታት (ሪቢዩልት ታይትልስ) ዘለወን ተሽከርካርቲ**
ዳግም ዝተሃንጸ ሊብሬቶ (ሪቢዩልት ታይትል) ዘለዋ ከም ታክሲ ወይ ናይ ክራይ-መኪና (ፎር-ሃየር) እተገልግል መኪና እንድሕር ትውንኽ ሃሊኻ፣ ብ**መምሕዳር ከተማ ፍቓድ ዝተዋህቦ መካኒክ** ዝተገብረ ዝተመልአ ናይ ፍሬምን ኣየርባግን ኢንስፔክሽን (ምርመራ) የድልየካ።

**ዕድመ ገደብ ተሽከርካሪት**

ከተማን ካውንቲን ንታክሲን ንክራይን (ፎር-ሃየር) ተሽከርከርቲ ዝኾውን ሓድሽ ናይ 15-ዓመት ዕድመ ገደብ ተሽከርካሪት ሕጊ ሓሳብ እቕሪበን ተፈጻሚ ክሳእ ዝገብሩዎ ግዜያዊ ምእጋድ ትጌርሉ ዝጸንሐ ናይ 10-ዓመት ዕድመ ገደብ ተሽከርካሪት ኣብቦትኡ ይጸንሕ። ከተማን ካውንቲን ቅድሚ ዲሰምበር 31, 2023 ሓድሽ ዕድመ ገደብ ኣብቦትኡ ይሕልው ኢሎም ተስፋ ይገብሩ።

## ታክሲሚተር ምርመራታት (ታክሲሚተር ቴስትስ)

ተሽከርከርቲ ወይ ማሕበራት ንዝቕይሩ ዝግበር ናይ ታክሲሚተር ምርመራታት ናብ ኣብ 805 S. Dearborn St. Seattle, WA 98134 ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ቆጸራ ሒዝካ ብምምጻእ ክግበር ይግባእ። ምሕዳስ ሜዳልያ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ቆጸራታት ክወሃቡ እዮም።

## ምምሕልላፍ (ምዝውዋራት) ዋንነት

ኣብ እዋን ምሕዳስ ንዝግበሩ ምምሕልላፍ (ምዝውዋራት) ዋንነት **ቅጥዒ ወለንታዊ ምምሕልላፍ (ምዝውዋር) ሜዳልያ** ተመሊኡ ናብ taxicab@seattle.gov ኢ-መይል ምስዳድ ግድን እዩ። ሲያትል አገልግሎታት ፖርታል (ሲያትል ሰርቪስስ ፖርታል) ተጠቒምካ ምምሕልላፍ (ምዝውዋር) ዋንነት ክግበር ኣይካኣልን። ሜዳልያ ኣብ ዝሕደሰሉ እዋን ምምሕልላፍ (ምዝውዋር) ዋንነት እንድሕር ተገይሩ ክፍሊት ምምሕልላፍ (ምዝውዋር) ዋንነት ኣይክህሉን እዩ።

## ዲርቦርን

**ምሕዳስ ሜዳልያ ኣብ 805 S Dearborn St. ኣብ ዝርከብ ቦታ ኣይክህሉን እዩ።** ሓገዝ ንምርካብ ንተወካሊ ፍቓድ ምቁጽጻር (ሬጉላቶሪ ላይሰንሲንግ ሬፐረዘንታቲቭ) ብቑጽሪ ቴሌፎን (206-386-1268) ብምዝርራብ ወይ ብኢመይል (taxicab@seattle.gov) ብምልኣኽ ወይ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ዝግበር ምሕዳስ ሜዳልያ ዓውደ መጽናዕቲ ቆጸራ ብምሓዝ ክግበር ይካኣል።

## ሓበሬታ ንምርካብ ነዞን ዝስዕባ ኪው.ኣር. ኮዳት (QR Codes) ተጠቐሙ

| | |
|---|---|
| **1. ናይ ሲያትል ንግዲ ፍቓድ ግብሪ ምስክር ወረቐት (ሲያትል ቢዝነስ ላይሰንስ ታክስ ሰርተፊኬት)** | **2. ኣገልግሎት ዓማዊልን ናይ ዓውደ መጽናዕቲ ቆጸራታት (ምዝገባታት) (ካስተመር ሰርቪስ ኤንድ ዎርክሾፕ ኣፖይንትመንትስ** |
| **3. ሲያትል አገልግሎታት ፖርታል (ሲያትል ሰርቪስስ ፖርታል)** | **4. ቅጥዒ ወለንታዊ ምምሕልላፍ ሜዳልያ (ቮሉንታሪ ሜዳልየን ትራንስፈር ፎርም)** |
| **5. ንተሽከርከርቲ ምርመራታት (ኢንስፔክሽናት) (ደሕንነት (ሴፍቲ)፣ ፍሬም፣ ከምኡ ድማ ኣየርባግ) ዝገብሩ መምሕዳር ከተማ ፍቓድ ዝሃቦም መካኒካት** | |